# ህዝባዊ ኣኼባ ናይ ፍራንክፎርትን ከባቢኣን

ኣድማዒ ስራሓት ንምስላጥ ባዕላዊ ዓቕምታትካ ምውህሃድ ቅድመ ተደላይነትን ቀንዲ ረቛሒን ስለዝኾነ፣ ኣቐዲሙ ልዕሊ ኣርባዕተ ጊዜ ተኸታታሊ ኣኼባታት ንሕሉፍ ዝገምገመን ንመጻኢ ዝእምትን ከምዝተሰላሰለ ዝዝከር ኢዩ። ኣብ እንነብረሉ ዘሎና ከተማታት ኩሉቲ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ክኸይድ ዝጸንሐ ናይ ደንበ ተቛውሞን ደለይቲ ለውጥን ጻዕርታት፣ ክብሪ ዝወሃቦን ዘይነዓቕን ኣስተዋጽኦ ምኳኑ ገምጊሙ፣ ንቐጻሊ እንገብሮ ጻዕርታት ዝያዳ ውጺኢታዊ ንምግባር ከኣ ኣብ ውደባን ኣገባብ ኣሰራርሓን ሓዲሽ ኣገባብ ንምትእትታው ብዝብል ቀንዲ ዛዕባ ምርኩስ ዝገበረ፡ ናይ ኩሉ ተቛውሞን ደለይቲ ለውጥን መዛዘሚ ጉባኤ ብዕለት 11.02.2017 ከምዝተገብረ ዝዝከር ኢዩ።

ኩሉቲ ዝጸንሐ ውደባታት ኣብ ቦትኡ እናሃለወ፡ እዚ ብከተማ ደረጃ ቆይሙ ዘሎ ናይ ተቛውሞ ጥርናፈ፡ ንኹሉ ውድባትን ማሕበራትን ኣብ ውደባ ዘየሎን ነባሪ ከተማ ዝሓቖፈ ስለዝኾነ፡ ኩሉ ሽነኽ ፖለቲካዊ ይኹን ማሕበራዊ ስራሓት በዚ ተማእኪሉን ተወሃሂዱን ክኸይድ ተሰማሚዑ። ነዚ ዘማእክል ሽማግለ ከኣ ብኮታ ካብ ማሕበራትን ውድባትን ዘይኮነስ፡ ነዚ ተኣሚቱ ዘሎ ዕላማታት ኣብ ምምራሕን ኣፈጻጽማን ይኾኑና ኢዮም ዝተባህሉ ነበርቲ ከተማ ፍራንክፎርትን ከባቢኣን ብዘየገድስ ዝጸንሖምን ዘለዎምን ኣወዳድባ ተሓታትነትን እምነትን ዝተነብረሎም ክኾኑ ንዝብል ናይ ሓባር ርዲኢት ምርኩስ ዝገበር ሽማግሊኡ መሪጹ።

ብዕለት 08.04.2017 ብድሕሪ ጉባኤ፡ ፈለማ ህዝባዊ ኣኼባ ኣብ ከተማ ፍራንክፎርት ተኻይዱ።

በቲ ኣቐዲሙ ዝተመደበን ዝተኣወጀን ኣጀንዳታት ድማ ኣዕሙቑ ትኻቲዑ።

ኣብቲ ውሽጣዊ ስርርዕ ናይታ ዝተመርጸት ሽማግለን ኣገባብ ኣሰራርሓ ዝምልከት ኣርእስቲ፣

ኣብ ክንዲ እቲ ልማዳዊ ዝጸንሐ ኣሰራርሓ፡ ንዝተመርጸት ሽማግለ ኩሉ ስራሓት ዝግደፍ፣ ኩሉ ኣኼበኛ (ኣባል) ኣብቲ ከድምዓሉ ዝኽእል መደብ ስራሓት ብወለንታኡ ምምዳብን ሓይሊ ዕማማት ምቛምን።

ኣኸባ ናይ ቀረባን ርሑቕን ክስርሑ ዘለዎም ፖለቲካውን ማሕበራውን ስራሓት ብምምዳብ ብሓዲሽ ሞርላን ፍናን ተደምዲሙ።







ዓወትን ኣሳልጦን ንስራሓትና
ራህዋን ሰላምን ንህዝብና
ህዝባዊ ምልዕዓል ሽማግለ  ፍራንክፉርትን ከባቢኡን